# ሰናይ ጉርብትናን ሰላምን ዘይደልዩ ሓይልታት ባይታ ዘይምሃብ

ቅድሚ ጦርነት ኢ.ትዮ-ኤርትራ መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ ሒዝዎ ዝነበረ መርገጺ አብ ጉዳይ ኤርትራ አብ ሓባራዊ ረብሓ ክልቲኡ ሃገራት ዝተመርኮሰ ከምዝነበረ'ኳ እንተተሓበረ ብተግባር ግን ናይ ሻዕብያ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያዊን ረብሓ ብዝለዓለ ደረጃ ዘረጋግጽ ከምዝነበረ ጸሓይ ዝወቐየ ሓቂ እዩ:: ንኣብነት ንውሰድ:: መንግስቲ ኤርትራ አብ ኢ.ትዮጵያ ዝነበሩ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ተቓወምቲ ከይንቀሳቀሱ መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ ዓቢ. ግደ ተጻዊቱ እዩ:: በቁጠባ መዳይ እውን እንተኾነ ብሕጋውን ዘይሕጋውን ሓለፋ ረብሓ ይርኸቡ ምንባሮም ብዙሕ ግዜ ተገሊጹ እዩ::ብመሰረቱ ናይ መንግስቲ እትዮጵያ ብተደጋጋሚ ከምዝገለጾ ዝሓለፈ በሰላ ንምሕዋይን ሰናይ ጉርብትና ንምፍጣርን ከምዝነበረ ኩሉና ኣይንስሕቶን:: ኮይኑ ግን ነዚ ሰናይ ተግባር ናይ መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ ከም ድኽመት ብምውሳድን እዚ አጋጣሚ ብምምዝማዝን ኣብ ልዕሊ ኢ.ትዮያን ህዝባን ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ እዚ ዘይበሃል ብደል ፈጺሙ እዩ::ድሕሪ ውድቕት ደርጊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኢ.ትዮጵያውያን ብዘይ ድልየቶም እሞ ከኣ ዕድመ ልክዖም ዘጥረይዎ ንብረት ብምምንዛዕ ብጸርፍን ብበትርን እናጋፍዑ  ወርቂ ካብ ክሳድ ደቂ አንስትዮ እናመንዝዑ ወርቂ ስኖም ከይተረፈ እናሕደጉ እንትባረሩ መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ 'ዓዶም እዩ ምንም ክንገብሮም አይንኽእልን' ካብ ምባል ሓሊፉ ዝወሰዶ ዋላ ሓንቲ ስጉምቲ ኣይነበረን::ኾይኑ ግን ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ብናይ ሓደ ወገን ድልየትን ጻዕሪን ከምዘይ መጽእ ርዱእ እኳ እንተነበረ ካባኡ ንላዕሊ መማረጺ እውን ዝነበረ ኣይመስልን::ከም ሳዕቤኑ እውን መንግስቲ ኤርትራ ብሃንደበት ወራር ብምፍጻም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢ.ትዮጵያ ከቢድ ዕንወት ኣብጺሑ:: ብሰንኪ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ዘይብሱል ወይ ዘይምዕሩይ ኣመራርሓ ክዓ ክሳብ ሕዚ ኣብ ዕንክሊል ንርከብ:: መንግስቲ ኤርትራ ብባህሪኡ ትዕቢ.ተኛን ኢ.ዲሞክራሲ.ያዊ ምዃኑ ካብ ዝምስረት ክሳብ ሕዚ ዝገብሮም ዘሎ ተግባራት ሪኢ.ኻ ምፍራድ እኹል ይመስለኒ::ኣብ ክንዲ ንሰላምን ንሰናይ ጉርብትናን ምስራሕ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ አብ ሞንጎ ክልቲኡ ህዝቢ. ቅርሕንቲ ንምፍጣር ለይቲን ቀትርን ይሰርሕ ኣሎ:: ኣብ ሞንጎ ህዝቢ. እርትራን ኢ.ትዮጵያን ጥራሕ ከይተሓጸረ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ኢ.ትዮጵያ ጽልኢ. ንምፍጣር ብፍላይ ድማ ንህዝቢ. ትግራይ ዕላማ ብምግባር ድቃስ ሲኢ.ኑ የዕነይንይ'ሎ:: ናይ ዶብ ሽግር ብቐሊሉ ኣብ ጠረጴዛ ክፍታሕ ኣብ ክንድምጽዓር ንሓዋሩ ኣብ ክልቲኡ ሕዝቢ. ሰላም ከምዘይመጽእ ስርሒይ ኢ.ሉ ተታሓሒዝዎ ይርከብ::

ሕዚ ናይ ጉዳይ ኢ.ትዮ-ኤርትራ ብሰንኪ ጉዕዙይ አመራርሓ ኤርትራ ኣዝዩ ተሓላሊኩ እዩ:: ንመብዛሕትኡ ኤርትራዊ አብ ልዕሊ ህዝቢ. ኢ.ትዮጵያ ብፍላይ ድማ አብ ልዕሊ ህዝቢ. ትግራይ ዓቢ. ጽሊኢ.ት ንኽሕድር ለይትን ቀትርን ይሰርሕ ኣሎ:: እዚ ድማ ወያነ መጹኻ እንዳበለ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ክብል ናብ ኣዝዩ ዘይተደላይ ኣንፈት የምርሕ ከምዘሎ ዕለተ-ዕለት ዝነዝሕዎ ዘለዉ ፕሮፖጋንዳ ምስክር እዩ::ዳርጋ መብዛሕትኡ ኤርትራዊ እውን በዚ ናይ ዘይሓላፍነታዊ ፕሮፖጋንዳ ዝተመረዘ እዩ ዝመስል:: ይኹን ደኣምበር ዕምሪ ስልጣኑስ ባዕሉ ብዝጻሕተራ ነገር እናሓጸረት እያ::እንደሕር ድኣ ኩነታት ከምዚ ዘለዎ ቀጺሉ ከኣ ኣብ ኤርትራ ንሱን ሰይበቱን ጥራሕ ከም ዝተርፍ ሽመልባ ምስክር እያ::

ድሕሪ ውድቀት ናይዚ ፋሉል ስርዓት ኤርትራ እንታይ ዓይነት ስርዓት ከምዝትከል ምግማቱ አጸጋሚ እዩ::ዝኾነ ኾይኑ ግን ንሰላምን ንሰናይ ጉርብትናን  ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእቱን ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ዶብ ሽግር ብልዝብ ክፈትሕ ቅሩብ ዝኾነን መንግስቲ ንኽምስረት ናይ ክልቲኦም ህዝብታት ትምኒት ይመስለኒ:: ኾይኑ ግን ነዚ ሰናይ ጉርብትናን አብ መትከል ዝተመስረተ ናይ ክልቲኡ ህዝቢ. ረብሓ ዘርጋግጽ ርክብ ክምስርቱ ዝደልዩ ተቓወምቲ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም::  እቶም ሽሞምን ተግባራቶምን ተቐጺላ ናይ ሻዕብያ ዝኾኑ ከምኒ ኤርትራዊ

ዲሞክራሲያዊ ፓርቲ(EDP) ካላኦትን ገጽ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣየርእየና: ወያነ እንተሎ ኢትዮጵያ ኣይንረግጻን ምስ ዝብሉ መርዚ ናይ ሻዕብያ ዘስከሮም ሰናይ ጉርብትናን ሰላምን ክህሉ እዩ ማለት ካልኣይ ግርህና እዩ ዝኸውን::እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ዶብ ውጥጥ መንግስቲ ሻዕብያ ምስወደቐ ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ይኽእል እዩ እልካ ምሕሳብ ካብ ተስፋ ዝሓለፈ ኣይኮንን:: ምኽንያቱ እቶም ጽረ-ኢትዮጵያ ዝኾኑ ተቓወምቲ ዝሓሸ ናይ ህዝቢ ድጋፍ ዘለዎም እዮም ዝመስሉ:: ምኽንያቱ ኸኣ እቲ መርዚ ናይ ሻዕብያ ኣብ መብዛሕትኡ እቲ ኤርትራዊ ስለ ዝሰረጸ እዩ:: ገለ ተቓወምትን ደገፍቶምን እቲ ናይ ኣልጀርስ ስምምዕ ቀያዳይን ናይ መወዳእታን ስለ ዝኾነ ዝርርብ ኣየድልን ብዘይ ውዓል ሕደር ይተግበር ይብሉ::ነዚ መበሊኦም ክልተ ምኽንያት ክወሃቦ ይከኣል:: እቲ ሓደን ቀንድን መበገሲኡ ዝተፈላለየ ዝኾነ ሕዱር ጽልኢት ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ስለ ዘለዎም እዩ :: እቲ ካልኣይ ምኽንያት ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ከምኡ እንተይልና እዩ ክድግፈናን ዝፈትወልናን ብዝብል ዘይሓላፍነታውን ሕሱርን ኣተሓሳስባ እዩ:: እዚ ከኣ ነቲ ናይ ሻዕብያ ' ናይ ወያነ ዑሱባትን ንነጻንትና ኣሕሊፎም ዝህቡን እዮም' ኢሉ ንህዝቢ ኤርትራ ዝዝርግሖ ፕሮፓጋንዳ ከም ግብረ-መልሲ ዝጥቀምሉ ስትራተጂ እዩ :: ብመሰረቱ እቲ ስምምዕ ኣብ ናይ ክልቲኤን ሰናይ ድልየት ዝተመስረተን ማንም ሳልሳይ ወገን ንትግባረኡ ከገድደን ከምዘይክእል ዝተገንዘብዎ ኣይመስሉን:: እታ ሓንቲ ናይ ሻዕብያ ደርፊ ጥራሕ እዮም ዝደርፉ:: እዚ ዘርእይና ክንደየናይ ናይ ሻዕብያ ' ናይ መወዳእታን ቀያድን' ዝብል ፖሊሲ ትግባረ ምሕንጻጽ ዶብ ኣብ መብዛሕትኦም ተቓወምቲ ከይተረፈ ይልፍለፍ ከም ዘሎ ምስትውዓል ኣገዳሲ ይመስለኒ:: ተጽግብካያ ቅጫስ ኣብ ሞጎጎኣ ትፍለጥ ከም ዝብሃል ድሕሪ ውድቀት ሻዕብያውን እዞም ገጽ ኢትዮጵያ(ወያነ) ኣይተርኡይና ዝብሉ ዘለዉ ተቐጽላ ናይ ሻዕብያ ዝኾኑ ተቓወምቲ ኤርትራውያን ጽባሕ ንግሆ ኣንጻር ኢትዮጵያ ከም ዝሰብኩ ምግማት ኣየሸግርን::

ስለዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝገብሮ ዝኾነ ዓይነት ምትሕግጋዝ ካብ ሕሉፍ ምምሃር ኣድላዪ ኮይኑ ይስምዓኒ:: ካብ ክሳደይስ ክሳድ ወድነይ ከም ዝብሃል ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ንምዕጋትውን ኣድላይ ዘብለ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ክቁጠብ የብሉን:: ምስ እቶም ካብ ልቦም ንሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ዝሰርሑ ዘልዉ ተቓውምቲ ኣድላይ ዘበለ ሓገዝ ኩሉ ክግበረሎም ይግባእ:: እዞም ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝኾኑ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ግን ፈጺሞም ባይታ ክረኽቡ ኣይግበኦምን :: እዞም ገጽ ኢትዮጵያ ኣየርእየና ዝብሉ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ካብ ሻዕብያ ብምንታይ ይፍለዩ? ንምንታይ ከ ካልኣይ ሻዕብያ ንኽፍጠር ዕድል ንህቦም? እዚ ንካልኣይ ግዜ ክንግራህ ኣይግባእን:: ካብ ኩናት ናብ ኩናት ካብ ውጥጥ ናብ ውጥጥ ከይኾን ነገር ከይሳዕረረ ጌና እንከሎ  ክሕሰበሉ ይግባእ :: ሰላም ክኽልኣካ እናተወደበን እናገበለን ሸለል ምባል ሳዕቤኑ ሓደግኛ ክኸውን ከምዝኽእል ምስትውዓል የድሊ::

ሳሙኤል

ካብ ስዊትዘርላንድ